# ጽንብል ዓለምለኻዊ መዓልቲ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ሽቱትጋርት
# ብልዑል ማዕርግ ተኻይዱ

ሸሞንተ መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ብክብ ዝበለ ድምቀት ኣብ ሽቱትጋርት ብ 16 መጋቢት 2013፡ ኣብ ትሕቲ „ዕዙዝ ሱታፌ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ወፍሪ፡ ደራኺ ንሃገራዊ ልምዓት“ ዝብል ቴማ ተጸንቢሉ። ዋና ጸሓፊት ሃማደኤ ሽቱትጋርትን ከባቢኣን መደብ ብተማሃሮ ቛንቋ ኣደ ስሙር ማሕበር ሽቱትጋርት ብሃገራዊ መዝሙር ክኽፈት ከም ዝኾነ ድሕሪ ምሕባር ተጀሚሩ። ድሕሪ ሃገራዊ መዝሙር እቶም ህጻናት ንህዝቢ መሳጢ ብዝኾነ ደርፍታትን ሳዕሳዒትን ብምቕራብ ኣዛናጊዖሞ።

ኣስዒቦም፡ ያታዊ ባህሊ እምብልታን ጉጅለ ባህሊ መርሓባ ኣዴታትን፡ ብሓባር ነቲ በዓል ዘንጸባርቕ ደርፊታትን ባህላዊ ሳዕስዒትን ብምቅራብ ኣማዕሪገሞ። ዝቀጸለ መደብ፡ በቶም ነቲ ምሸት ከማዕርጉ ዝተመደቡ ህቡባት ደረፍቲ፤ ማዕበል፡ ኣሮንን ኣማኑኤልን ምስ ሙዚቀኛታት ኣብ መድረኽ ተረኺቦም ንኽልተ ሰዓት ምስ ኣጻወቱ፡ ቃል ማሕበር ብኣደ ወንበር ተነቢቡ። ኣደ ወንበር ኣብ መግለጺኣ፡ እቲ ኣብ ዝሓለፈ መድረኻት ተኣመር ዝሰረሐ ፍሉይ ተራ ኤሪትራዊት ጓልንስተይቲ እምበኣር፡ ሎሚ'ውን ከም ትማሊ ኣብ ምዕዋት'ዚ ሃገርዊ ወፍሪ ግዲኡ ወሳኒ ኢዩ ኢላ።

መበል 25 ዓመት ብሩራዊ ኢዩበልዩም ጉጅለ ባህሊ መርሓባ ኣዴታት ሽቱትጋርት ብኣጋጣሚ ምስ ምድምሳስ ናደው እዚን ምሕራር ከተማ ኣፍዓበትን ብምግጣሙ ድርብ ተዘክሮታትን ድርብ ሓጎስን ከም ዝኸውን ርዱእ ብምንባሩ ንምዝካሩ ኣብቲ መድረኽ ብምውጻእ ንኹለን ቕድሚ ዕስራን ሓሙሽትን ዓመት ምስኣተን ኣብቲ መድረኽ ንዝነበራ ብምዕዳም፡ ዓዲ ዝቐየራን ብሞት ንዝተፍልያን ብጾተን ብምዝካር ንስለ ዝኸረን ሴክት ንምኽፋትን ሕንባሻ ንምቁራስን ንሓንቲ ብዕድመ ብዓልቲ ጸጋ ዝኾነት፡ ወይዘሮ ዘውዲ ኤልያስ፡ ከም ዝካየድ ተገይሩ። እዘን ንዕስራን ሓሙሽተን ዓመት ብዘይ ምሕላል ክሰርሓ ዝጸንሓ፡ ዕድመ ይደፍኣ ስለ ዘለዋ ናብ ተካእቲ ወለዶ ከነሳጋግሮ ኣሎና ዝብል ኒሕ እናሃልወ ኣባላት ጉጅለ ባህሊ ሰንሰለትን ኣባላት መንእሰያት ህግደፍን ዝኾና ምንእሰያት ናብ መድረኽ ብምውጻእ ነቲ ከሰክፍ ዝጽነሔ ናይ ዕድመ ፍልልይ ንምጽባቡ እጀኹን ንሕና ኣለናልክን ብምባል ቅሩብነተን ኣርጋጊጸን። በዚ ድማ እቲ ኩሉ ዝስክፈላ መስርሕ ናይ ምውርራስ ብምርዩ ኣብቲ ኣዳራሽ ዝነበረ ህዝቢ ሓጎሱ ገሊጽለን ብተወሳኺ ክግለጽ ዘለዎ ነቲ ኣብ መንጎ ጉጅለ ባህሊ ኣደታትን እዘን መንእሰያትን ዘሎ ናይ ዕድመ ፍልልይ ንምጽባብ ኣብ መንጎ ዝርከባ ኣደታት'ውን ነቲ ጋግ ንሕና ክንሽፍኖ ኢና ኢለን ንመድርኽ ብምድያበን ተወሳኺ ዓወት እዩ ነይሩ። በዚ ድማ ናይ ክልተ ወለዶ ምውርራስ ተኻዩዱ ማለት እዩ።

ጉጀለ ብህሊ መርሓባ ብወገነን ንሕና ንውንና ንበረት የብልናን፡ ሓንቲ ንውንና እታ ኣብ መበል ዕስራ ዓመት ናይዛ ባህሊ ካብ ኣደ ወንበር ሃማደኤ ጀርመን ዝተዋሃበትና፡ ኩለን ኣባላት ዘለወአ ኣብ ፐርሰላን ብያቲ ዝሰፈረ ስእለን ከም ህያብ ነታ ብዕድመ ውላደን ዝኾነት ንዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ምስኤን ዝተጓዓዘት ዮዲት ክብሮም ኣረኪበንኣ። መንእሰይ ዮዲት ብወገና ሕድርኽን ተቐቢለ ኣለኹ፡ ብዘስምዕ ግጥሚ ንጉጅለ ባህሊ ኣደታትን ከምኡ'ውን ነቲ በዓል ዘንጸባርቕ ትሕዝቶ ዘለዎ ንህዝቢ ኣቕሪባ።

ቀጺሉ ዝሰዓበ ናይ ዮሃና መልእክቲ ናይ ኣምባሳደር ኣቶ ጵጥሮስ ጸጋይ ብኣቶ ዮውሃንስ ደባስ፡ ከምኡ'ውን ናይ ዮሃና መልእኽቲ ብኣቦ ወንበር ኣውሃሃዲት ሽማግለን ማሕበረኮምን፡ ኣቶ ገብረትንሳኤ ገብረዝጊ፡ ምስ ቀረበ ባህላዊ ጸወታ ቀጺሉ፡ ክሳብ ሰዓት ዘኣክል ህዝቢ ብሕጎስ ንባዓሉ ኣማዕሪግዎ ኣምስዩ። ብዚ ድማ ሸሞንተ መጋቢት ከምቲ ዝግበኣ ተኸቢራ ሓሊፋ።

ሃማደኤ ሽቱትጋርትን ከባቢኣን

ዓወት ንሓፋሽ
ሽቱትጋርት፡ መጋቢት 2013

ስእሊ ንምርኣይ ኣብ'ዚ ንጠውቕ